ምልክታ.ኮም

ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል ኣብ በጀት ዓመት 2019 ዓ.ም. ንእተፈላለዩ አገልግሎት ዝውዕሉ መሳርሒ ፅሕፈት፣ መሳርሒ ሕትመት፣ ናይ ፅሬት አቑሑት፣ አናእሽተይ መሳርሒ፣ ናይ መሽነ ፅገና፣ ናይ አቑሑት ገዛ ፅገና፣ ከምኡ እውን መለዋወጢ አቑሑት መኪናን አቑሑት ኤሌክትሮኒክስን ብደረጃ ክልል ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ንምዕዳግ ስለዝደለየ፣

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መስከረም 11, 2019 (21 መዓልቲ ገይሩ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 26, 2019 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላለ
- ቦታ:ኣክሱም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 26, 2019 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ፅገና ኮምፒተርን ኤሌክትሮኒክስን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ገዛ ፈርኒቸር/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/ ናይ ቢሮ አቁሑት/

ግልፂ መልእኽቲ ጨረታ

ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል ኣብ በጀት ዓመት 2019 ዓ.ም. ንእተፈላለዩ አገልግሎት ዝውዕሉ መሳርሒ ፅሕፈት፣ መሳርሒ ሕትመት፣ ናይ ፅሬት አቑሑት፣ አናእሽተይ መሳርሒ፣ ናይ መሽነ ፅገና፣ ናይ አቑሑት ገዛ ፅገና፣ ከምኡ እውን መለዋወጢ አቑሑት መኪናን አቑሑት ኤሌክትሮኒክስን ብደረጃ ክልል ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ንምዕዳግ ስለዝደለየ፣ ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ርቑሓታት ዝተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክትወዳደሩ ብኽብሪ ዕድም።

- በቲ ዘፈር ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎምን ናይ 2018/2019 በጀት ዓመት ዘድልይ ዝተሓደሰ መረዳእታ ክቕርቡ ዝኽእሉ።
- ተጨረቲ ናይ ዝተወዳደሩሉ ዘፈር ንግዲ ናይ በጀት ዓመት 2019 ዓ.ም. ዝተሓደሰ መቕረባይነት ካርድ ክቕርቡ ዝኽእሉ።
- ናይ ተወሳኺ እሴት ታክስ መረዳእታን TIN Numberን ናይ ወርሒ ነሓሰ 2018 ዓ.ም. ወርሓዊ ሒሳብ ዘወራረዱሉ ሓዊሶም ዝነበብን ግልፂ ዝኾነን ንሕድሕድ መረዳእታ ሓደ ሓደ ገፅ ክቕርቡ አለዎም።
- ተጨረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ዝተገለፀ ምኽበሪ ጨረታ ንሕድሕድ ብ CPO ወይደማ ብጥሬ ገንዘብ ክትሕዝ ይግባእ። በዚ መሰረት:
  - ንመሳርሒ ፅሕፈት: 5,500 ብር
  - ንመሳርሒ ሕትመት: 3,000 ብር
  - ንአቑሑት ፅሬት: 500 ብር
  - ንአናእሽተይ መሳርሒታት: 500 ብር
  - ንናይ ተሽከርካርቲ ስፔር (መሎዋወጢ አቑሑት መኪና): 5,500 ብር
  - ንፅገና አቑሑት መሽን: 3,000 ብር
  - ንአቑሑት ኤሌክትሮኒክስን: 500 ብር
  - ንፅገና አቑሑት ገዛ: 3,000 ብር ይኸውን።
- ተጨረቲ መግዝኢ ሰነደ ጨረታ 50 ብር ብምኽፋል ካብ ዕለት 11 መስከረም 2019 ዓ.ም. ክሳብ 25 መስከረም 2019 ዓ.ም. ሰዓት 11:30 አብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል ዳይሬክቶሬት ዕደጋን መምሕዳር ንብረትን ቢሮ ቑፅሪ 4 ብምምፃእ ሙሳድ ይኽእሉ እዮም።
- ተጨረቲ አሸነፍቲ ምዃኖም ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 3 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልቲታት ጥርዓን ምቕባል ይከኣል። ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲታት ድማ 10% ናይ ጠቕላላ ዘሸነፉዎ ንብረት ዋጋ ብስም ቤት ዕዮና ብምትሓዝ ውዕሊ ናይ ምእሳር ግደታ አለዎም።
- ተጨረቲ ዘሸነፉዎ ንብረት ብውዕሉ መሰረት አታው ክገብሩ አለዎም። መቕረባይ አታው ካብ ዘይገበረ ንብረት በብመዓልቱ ባዶ ነጥቢ ሓደ ሚኢታዊ (0.1%) ወይደማ 1 ብርእሲ 1,000 ሚኢታዊ ቅፃኑ ይኸፍል።
- ተጨረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ብስተቐመጠ ዘርዘር ወይደማ በዝሒ ካብ ሕድሕድ ዓይነት ንብረት ቤት ዕዮ ብ 20% ምውሳኽ ወይ ምቕናስ ዝኽእል ምዃኑ ክፈልጥ ይግባእ።
- እዚ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተኸፈተሉ መዓልቲ ጀሚሩ ካብ 11 መስከረም 2019 ዓ.ም. ክሳብ 25

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

መስከረም 2019 ዓ.ም. ን 15 ተኸታተልቲ መዓልቲታት ኾይኑ፣ ጨረታ ዝዓፀወሉ ድማ ዕለት 26 መስከረም 2019 ዓ.ም. ንጉሆ ሰዓት 3:30 ኾይኑ፣ ጨረታ ዝኽፈተሉ ድማ ዕለት 26 መስከረም 2019 ዓ.ም. ልክዕ ሰዓት 4:00 ኩሎም ተጨረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኸውን። ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ መዓልቲ ድማ ካብ ጨረታ ዝተኸፈተሉ መዓልቲ ዝቑፀር 4 ተኸታተልቲ መዓልቲታት ምኻኑ ክፈልጥ ይግባእ።

- ተጨረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ሓቶኦም እንተሃሊዎም ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ብፅሑፍ ናብ ቤ/ጽ ዕዮ ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም።
- እቲ ቤት ዕዮ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ብሙሉኡ ናይ ምስራዝ መበሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
- ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁፅሪ 0349753596 ብምድዋል ምሕታት ይከኣል።

ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle